# ኩሉ ነብሲ ዝሓዘ ፍጡር ሞት ክቐምስ (ክጥዕም) እዩ፡

**كل نفس ذائقة الموت**

ካልፋ ሐማድ እስማዕል
خليفة حمد إسماعيل

بِسْمِ اللهِ الرَّحْمَنِ الرَّحِيْمِ

ኣብ ናይ ሎሚ መዓልቲ ኹጥባና ብዛዕባ እቲ ዘይሰዓር ትእዛዝን ውሳኔን ናይ ረቢ ዝኾነ ሞት ኢና ክንዛረብ:: ሞት: ንኹሉ ፍጡር ብዘይኣፋላላይ ዘጋጥሞ ዘይተርፍ ጉዕዞ እዩ:: ረቢ (ሱ.ወ) ኩሉ ነገር ንኽሓልፍ ወሲንሉ: ካብ ሞት ዝድሕን ወላሓደ ከምዘየለ ድማ ደምዲሙ እዩ:: ሙእሚን ይኹን ካፍር: ምእዙዝ ይኹን ከሓዲ: ዓቢ ይኹን ንእሽተይ: ጉይታ ይኹን ባርያ: ጥዑይ ይኹን ሕሙም: ዓቢ ይኹን መንእሰይ: ጓል ትኹን ወዲ: ኮታስ ንወልሓደ ብዘይኣፋላላይ ብማዕረ ክትበጽሖ እያ::

ከምቲ ረቢ (ሱ.ወ) ኣብ ሱረቱል-ኣልዒምራን ዝበሎ:-

كُلُّ نَفْسٍ ذَائِقَةُ الْمَوْتِ ۗ وَإِنَّمَا تُوَفَّوْنَ أُجُورَكُمْ يَوْمَ الْقِيَامَةِ ۖ فَمَنْ زُحْزِحَ عَنِ النَّارِ وَأُدْخِلَ الْجَنَّةَ فَقَدْ فَازَ ۗ وَمَا الْحَيَاةُ الدُّنْيَا إِلَّا مَتَاعُ الْغُرُورِ[١]

’ ’ ኩሉ ነብሲ ዝሓዘ ፍጡር ሞት ክቐምስ (ክጥዕም) እዩ: ኣብ የውመል-ቅያማ ዓስቢ ናይ ስራሕኩም ክትረኽቡ ኢኹም: ካብ ጀሃነብ ተገላጊሉ ንጀና ዝኣተወ ተዓዊቱ እዩ:: ናይ ኣዱንያ ሓጎስ እካ ግዚያውን መታለልን (መዐሸውን) እዩ ::’’ ከምኡ’ውን ኣብ ሱረቱል-ኣራሕማን ረቢ (ሱ.ወ) ኩሉ ኣብዛ’ዱንያ ዘሎ ክሓልፍ ምኻኑን: ንሱ (ኣላህ (ሱ.ወ))ጥራይ ንበይኑ ተራፋይ ምኻኑን ገሊጹልና::

”كُلُّ مَنْ عَلَيْهَا فَانٍ * وَيَبْقَى وَجْهُ رَبِّكَ ذُو الْجَلَالِ وَالْإِكْرَامِ ” [٢]

ናይ ሞት ነገር ወላሂ ይገርም እዩ: ንሞት ገሊጽካ ዘይትውድኦ: ተዛሪብካ ዘይትጥርሾ: ብዛዕብኡ ብዙሕ ተባሂሉን ተጻሒፉን እዩ::

ሞት: ከልካሊ ዘይብላ: ዓርኪ ዘይትፈልጥ: ንሓጎስ ናብ ሓዘን ትቕይር: ነህዛባት ዘጽነተት: ነቆልዑት ዘዘኽተመት: ንመራሕትን ንነጋውስን ዘራኸሰት!

ሞት: ንንእሽተይ ዘይትድንግጽ: ንዓቢ ዘይተኽብር: ንሰብ ስልጣንን ሃብታማትን ዕድል ዘይትህብ: ማዕጾ ከይካሕኩሖት ትኣቱ: ተሌፎን ከይደወለት ትመጽእ: ንኽትዳሎ ዕድል ዘይትህብ:

ሞት: ባብ እያ ኩላትና ንኣትዋ: ኩባያ ማይ እያ ኩላትና ንሰትያ: መንገዲ እያ ኩላትና ንኸዳ: መሳልል እያ ኩላትና ንድይባ!

ሞት: ነዒንቲ ዘንበዐት: ንልቢ ዝሰበረት: ንእኩባት ዝበተነት: ንሓጎስ ዘፍረሰት: ንተስፋታት’ውን ዘማህመነት!

ኣቦ ምስ ደቁ ክጻወት ኣምስዩ: ኣደ ምስ ጓላ ከተዕልል ውዒላ: ሓው ኣብ ኢንተርነት ከዕልል ኣምስዩ: ስድራቤት ኣብ መኣዲ ቡን ከቢቦም ክስሕቁ ሓዲሮም: ግን ሃንደበት ስሓቕ ናብ ብኽያት: ሓጎስ ናብ ሓዘን: ጫውጫውታ ናይ ኣቆልዑት ናብ ጸጥታ: ወላድን ውሉድን ተኣኪቦም ዝነበሩ ድማ ፋሕ ጭንግራሕ የእትያ ትዝርግ መን ድያ? ሞት ዘይኮነትን? ካብዛ ሞት መን ተሪፉ? ሰይድና ኣደም ናይ መጀመርታ ፍጡር ሞይቶም: ሰይድና ኢብራሂም (ዓ.ሰ) ከሊሉላህ ሞይቶም: ሰይድና ሙሳ (ዓ.ሰ) ከሊሙላህ ሞይቶም: ብዓቢኡ እቶም ፍቱው: በዓል ግርማ: ዝበለጹ ፍጡር: ምእንትኦም ኣዱንያን ኣኼራን ዝተኸልቀት ፍጡር ሰይድና ሙሓመድ- ሓቢቡላህ’ውን- ሞይቶም!!! ካብ ሞት ዝድሕን: ካብ ሞት

ዝተርፍ ሰብ ኔሩ እንተዝኸውን ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ብሂወት ምተረፉ ኔሮም:: ግን ኣብ ቁርኣን ረቢ (ሱ.ወ) ንረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ከምዚ በሎም:-

3إنك ميت وإنهم ميتون

’ ’ ንስኻ እካ (ኦ ሙሓመድ) መዋታይ ኢኻ: ንሳቶም’ውን መወትቲ እዮም......’’

ካብ ሞት ሃዲምካ ከተምልጥ: ተሓቢእካ ከተሕልፋ: ዑቕባ ሓቲትካ ከተናውሓ ዘይከኣል ኣብዝሃለኻ ሃሊኻ ትመጸካ: ብዘይሓሰብካዮን ብዘይ ቆጸራን ደበኽ ትብለካ ዘይተላቡ ጋሻ እያ::

ብዛዕባ ሞት ክንዛረብ እንከለና ንዓና ዘይትምልከተና ይመስለና: እንተኾነ ግን ሎሚ ተጸናንንዕ ጽባሕ የጸናንዑኻ: ሎሚ ትበኽየሎም ጽባሕ ይበኽዩልካ: ሎሚ ሰላተልጀናዛ ትሰግደሎም ጽባሕ ድማ ንዓኻ ይሰግዱልካ: ሎሚ ጉድጓድ ትፍሕረሎም ጽባሕ ድማ ጉድጓድ ንዓኻ ይፍሕሩልካ:: ንፍለጥ ክቡራት የሓተይ ምስ ሞትና: ገንዘብናን ስድራና ገዲፍና ካብዛ ኣዱንያ ከምታ ረቢ መጀመርታ ዝኸለቐና ንበይንና ኢና ናብ ቀብርና ከነምርሕ:: ኣብ ቀብርና ምስ ኣተና: ኣብ ሓመድ’ዩ መደቀሲና: እምኒ’ዩ መንተርኣስና: ሙንከርን ነኪርን’ዮም መዋዕልትና: ስራሕና’ዩ መሓዛና: ጉድጋድ እዩ ገዛና:: ሞት ኩሉ ጊዜ ክንዝክራን ለይትን መዓልትን ብዛዕብኣ ክንሓስብን ይግበኣና: ምኽንያቱ ከምቲ ኢብን ዓጅላን ዝበሎ: ’’ሞት ኣብዛ ቅድሚ ዓይኑ ዝገበራ: ብሽግር ናይ ኣዱንያ ኣይደሃል: ብምቾታ’ውን ኣይደናገር! ነባራይ የለን ብጀካ ሓደ ኣላህ: ተራፋይ የለን ብጀካ ንሱ: ንሓዋሩ ዝነብር የለን ብጀካኡ: ፍጡራት ኩላቶም ክሓልፉ እዮም: ሞት እዩ መወዳእትኦም:: ከምቲ ኣብ ሲራ (ዛንታ) ናይ ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ንፈልጦ: ሞቶም ምስ ተቓረበ: ጻዕረ ሞት ምስ ገጠሞም: ክሳብ ንመስጊድ ከይዶም ሓሙሽተ ወቕቶም ክሰግዱ ኣብዘይክእልሉ ደረጃ ምስ በጽሑ: ንሰላት ኢሎም ክትስኡ እንከለዉ ብኡ ንብኡ ሃለዋቶም የጥፍኡ (ሰለዋቲ ረቢ ወሰላሙሁ ዓለይሀ): ብክቱር ክብደት ናይ ሰከራተል-ሞት ድማ ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) መንዲሎም ማይ ኣጠልቅዮም ግንባሮም እንዳደረዙ ’’ብሓቂ ሰከራተል-ሞት ከባድ እያ ’’ በሉ:: ክቡራት ሙስሊሚን የሕዋተይ: ሞት ሓደ ካብ ናይ ረቢ ቐደር እዩ:: ሞት ሓውና: መቕርብና: ዓርክና ኮነ ደቅና ከጋጥመና እንከሎ ከምቲ ረብን ረሱልን ዝኣዘዙና ጌርና ኢና ክንቅበሎ ዝግበኣና:: ገሊኡ ሰብ ኣሎ ሞት ምስ ዘጋጥሞ ሃለዋቱ ዘጥፍእ: እንታይ ከምዝገብር ዘይፈልጥ: ዝሕዞን ዝጭብጦን ዝስእንን ኣብ ዘይተደለየ ዘንቢ ዝኣቱን:: ብዙሓት ኣለና ኣክንዲ ብሰብርን ብኢማንን ነቲ ናይ ረቢ ቐደር ንቕበሎ: ክልኩል ዝኾነ ነገራት ብምፍጻም ንረቢ ነቖጥዖ: ኣብ ዘንቢ ድማ ንወድቕ:: ኣብ ሓደ ሓዲስ: ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ከምዚ ይብሉ:- ’’መላኢካ ናይ ሞት ሩሕ ናይ ሓደ ፍጡር ምስ ወሰደ: ስድራ ፈተውቲ ተኣኪቦም ምስ በኽዩ: ከምዚ ይብል: ’’እንታይ እዩ እዚ ኩሉ ብኽያት? ዝሞተሉ ግዜ ኣየዶንገናያ ኣይቀልጠፍናያ! ነቲ ረቢ ዘውረዶ ብሰብሪ እንተተቐቢልክሞ ትዕወቱ: ኣክንዲ ሰብሪ ብምምራር እንተተቀቢልክሞ ከኣ ትኸስሩ! ነቶም ዝተረፍኩም ክንወስድ ደጋጊምና ምምላስና ኣይተርፈናን እዩ: ንቤተ-ሰብ መዋቲ እዛ መዓልቲ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ከምዘይኮነት ይሕብሮም:: ክቡራት ሙእሚኒን የሕዋተይ ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ቆልዓ ተወሊዱ ብኸመይ ከምንቕበሎን: መዓልቱ ኣኺሉ ንዝሞተ ከመይ ጌርና ከምነፋንዎን ምሂሮምናን ገሊጾምልናን:: ቖልዓ ምስ ተወልደ ኣብ የማናይ እዝኑ ኣዛን ኣብ ጸጋማይ እዝኑ ድማ ኢቃማ ንገብረሉ: ጥዑም ሽም ነውጽኣሉ: ሕሩድ ንሓርደሉ: ጸጉሩ ላጺና ብሚዛኑ ሰደቓ ነውጸኣሉ:: መዓልቱ ኣኺሉ ካብ ኣዱንያ ንኸፋኖ: ገንዘቡን ስድርኡን: የሕዋቱን ፈተውቱን ገዲፉ ብሞት ክፍለ ኣብ ኣፍደገ ሞት ንዝበጽሐ ሰብ ድማ ካብ ቀረባ ቤተ-ሰቡ ኣብ ከባቢኡ ብምኻን ከነጸናንዖን ተስፋ ክንህቦን: ሞራል ክኾኖ ምእንቲ ድማ ክንከናኸኖን: ሽሃዳ ከነዘኻኽሮን ከምዘለና ምሂሮምና:: ብተወሳኺ ከምቲ ረሱል (ሰ.ዓ.ወ)ዝነገሩና ንሕሙም ’’ላኢላሃ ኢላ-ላህ’’ ኢሉ ናይ መወዳእታ ቃሉ ናይ ተውሒድ ቃል ክትከውን ክንደጋግመሉ ኣለና: ምኽንያቱ ናይ መወዳእታ ቃሉ

ላኢላሃ ኢላ-ላህ ዝኾነት ሰብ ንጀና ስለዝኾነ:: ሓደ ሰብ ሰዓቱ ኣኺላ ሩሑ ካብ ነብሱ ምስ ተፈልየት እቶም ዝተረፍና ክንገብሮን ዘለና ነገራት ብዙሕ እዩ:: ንኣብነት:-

ከምቲ ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ዝነገሩና:- ''ኢና ሊላሂ ወኢና ኢለይሂ ራጂዑን'' ኢልና ሰብሪ ክንገብር: (ንሕና ናይ ረቢ ኢና ናብኡ ድማ ተመለስቲ ኢና ማለት እዩ::)

ንመዋቲ ተቐላጢፍና ጀናዝኡ ኣዳሊና ክንሓጽቦን ክንክፍኖን:

ንስድራቤት መዋቲ:-''ረቢ ዝወሰዶ ናቱ እዩ: እቲ ዝሃበና'ውን ናቱ እዩ: ኩሉ ነገር ድማ ክሳብ መዓልቱ እዩ: ሰብሪ ግበሩ ኣጆኹም ኣጅርኹም ካብ ረቢ ክትረኽቡ ኢኹም!'' ኢልና ክነጸናንዖም

መዋቲ ዕዳ እንተለዎ ዕድኡ ተቐላጢፍና ክንዓጽወሉ:

ምስ ስድራቤት መዋቲ ብኹሉ ነገራት ክንተሓጋገዝ:

ሰላቱል-ጀናዛ ሰጊድና ጀናዛ ናይ መዋቲ ተኸቲልና ናብ ቀብሪ ክነፉንዎ:

ልዕሊ ዝኾነ ድማ ረቢ ዘንቡ ሓጺቡ ብራሕምኡ ክቕበሎ ዱዓ ክንገብረሉን ይግበኣና::

ክቡራት ሙስልሚን የሕዋተይ ኣብዚ ናትና ባህልን ሕብረተሰብን ካብ ዝረኣዩ ሓደ ሓደ ጌጋታት: ኣብ እስልምና ኩልኩላት ምኻኖም ክንፈልጦም ዝግበኣና ነገራትን ኣለዉ'ሞ ቅሩብ ካብኦም ክንጠቅስ:-

ናይ ሓዘን ኢልካ ጸሊም ክዳን ክትክደን

ካብ ዓቐን ንላዕሊ ክትበክይን ክተእውይን:

ኣብ ግዜ ሓዘን እንዳበኸኻ ርእስኻ ክትነጽይን ኣፍልብኻ ክትሃርምን

ኣብ ቀብሪ ናይ መዋቲ ንክብሩ ኢልካ ፍየሪ ክተቐምጥን

ንኣርባዓ መዓልቲ ኣብ እንዳ መዋቲ ገዛ ተኣኻኺብካ ክትቕንይን::

ካልእን ዝኣመሰሉ...... ክንጥንቀቐሎም ይግበኣና:: ኣብ መወዳእታ ዝኸበርኩም ሙስሊሚን የሕዋተይ ኩሉ ጊዜ ሞት ክንዝክር: ቶባ ኢልና ክንቀላጠፍ: ልብና ከነጽሪ: ንዒባዳ ድማ ክንጓየይ: ንሞት ረሲዕና ከይንዝግዐ: እንሻኣላህ ቶባ ክንብል ኢና እንዳበልና ግዜ ከይነሕልፍ: ዒባዳ ንኽንገብር ከይንሰላቾ: ንነብሰይን ንዓኻትኩምን እንዳተላበኹ ከምዚ ሎሚ ረቢ (ሱ.ወ) ኣብዚ ክቡር ቦታ ኣኪቡና ዘሎ: ኣብ የውመልቅያማ ድማ ኣብ ጀና ክእክበና ንረቢ ይልምኖ ኣሜን!!!!a